## ዮኤል 2

28 ብድሕርዚ ኪኸውን እዩ፣ መንፈሰይ ናብ ልዕሊ ኹሉ ስጋ ክኸዑ እየ፣ ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ኪንበዩ፣
ኣረገውትኹም ሕልሚ ኪሐልሙ፣ ኣጕባዝኩም ከኣ ራእይ ኪርእዩ እዮም።
29 በተን መዓልታት እቲኤንሲ ኣብ ሰብኡትን ኣንስትን ባሮት እኳ መንፈሰይ ክኸዑ እየ።
30 ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ከኣ ተኣምራት፣ ደምን ሓውን ኣዕኑድ ትክን፣ ከርኢ እየ።
31 እታ ዓባይን መፍርሂትን መዓልቲ እግዚኣብሄር ከይመጸት፣ ጸሓይ ኣብ ጸልማት፣ ወርሒ ድማ ኣብ ደም ትልወጥ።
32 ኪኸውን ከኣ እዩ፣ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ፣ ኣብ ከረን ጽዮንን ኣብ የሩሳሌምን ኣብቶም እግዚኣብሄር ዚጽውዖም
ተረፍን ምድሓን ኪኸውን እዩ እሞ: ስም እግዚኣብሄር ዚጽውዕ ዘበለ ኹሉ ኺድሕን እዩ::

## ሮሜ 8

31 እምብኣርሲ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ እንታይ ክንብል ኢና፧ ኣምላኽ ምሳና ካብ ኰነ፡ መን እዩ ዚቃወመና፧
32 እቲ ንወዱ እኳ ምእንቲ ኹላትና ኣሕሊፉ ዝሃቦ እምበር፡ ዘይነሐፎ፡ ከመይ ደኣ ኸ ምስኡ ኹሉ ዘይህበና፧
33 ነቶም ሕሩያት ኣምላኽሲ ዚኸሶም መን እዩ፧ ኣምላኽ እዩ እቲ ዜጽድቕ።
34 እቲ ዚኹንንከ መን እዩ፧ ክርስቶስ የሱስ፡ እቲ ዝሞተ፡ ኤረ ካብ ምዉታት እኳ ዝተንስኤ፡ ኣብ የማን ኣምላኽ
ኰይኑውን ምእንታና ዚልምን ዘሎ እዩ።
35-36 ካብታ ፍቕሪ ክርስቶስ ዚፈልየና መን እዩ፧ ከመዮ፡ ምእንታኻ ምሉእ መዓልቲ ንቕተል ኣሎና፡ ከም ኣባጊዕ
ማሕረዲውን ተቘጸርና፡ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ፡ ጭንቀትዶ፡ ጸበባዶ፡ ስደትዶ፡ ጥሜትዶ፡ ዕርቃንዶ፡ ፍርሂዶ ወይስ ሰይፊ፧
37-39 ሞት ኰነ ወይ ህይወት፡ መላእኽቲ ኾኑ ወይ ገዛእቲ፡ ዘሎ ኾነ ወይ ዚመጽእ፡ ወይ ሓይልታት፡ ልዕል ዝበለ ኾነ
ወይ ትሕት ዝበለ፡ ካልእ ፍጥረትውን እንተ ኾነ፡ ካብታ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ጐይታና ዘላ ፍቕሪ ኣምላኽ ከቶ ኺፈልየና ኸም
ዘይኰነሉ፡ ኣርጊጸ ኣሎኹ እሞ፡ በዚ ኹሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና።

## ወ. ዮሐንስ 17

20 ስለቶም ብቓሎም ብኣይ ዚኣምኑ ድማ እምበር፡ ስለ እዚኣቶም ጥራይ ኣይኰንኩን ዝልምን ዘሎኹ።
21 ዓለም፡ ንስካ ኸም ዝለኣኽካኒ፡ ምእንቲ ኽትኣምንሲ፡ ዎ ኣቦይ፡ ከምቲ ንስካ ኣባይ ዘሎኻ ኣነውን ኣባኻ፡ ከምኡ ድማ
ንሳቶም ኣባና ሓደ ኪኾኑ፡ ኵላቶም ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ፡ እልምን ኣሎኹ።
22-23 ብሓድነት ፍጹማት ኪኾኑ፡ ዓለም ድማ ከምቲ ንኣይ ዝለኣኽካንን ዘፍቀርካንን፡ ከምኡ ንኣታቶምውን ከም
ዘፍቀርካዮም ምእንቲ ኽትፈልጥሲ፡ ንሕና ሓደ ኸም ዝኾንና፡- ኣነ ኣባታቶም ንስኻውን ኣባይ፡- ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ፡ ኣነ
እቲ ዝሀብካኒ ኽብሪ ሀብክዎም።
24 ዎ ኣቦይ፡ ቅድሚ ምስራት ዓለም ኣፍቂርካኒ ኢኻ እሞ፡ እዞም ዝሃብካኒ ነቲ ዝሃብካኒ ኽብረይ ምእንቲ ኺርእዩስ፡
ኣብቲ ኣነ ዘሎኽዎ ንሳቶምውን ኣብኡ ምሳይ ኪህልዉ እደሊ ኣሎኹ።
25 ጻድቕ ኣቦይ፡ ዓለም ኣይፈለጠትካን፡ ኣነ ግና ፈሊጠካ ኣሎኹ። እዚኣቶምውን ንስኻ ኸም ዝለኣኽካኒ ፈሊጦም
ኣለዉ።
26 እታ ብእኣ ዘፍቀርካኒ ፍቕሪ ኣባታቶም ምእንቲ ኽትከውን ኣነውን ኣባታቶም፡ ስምካ ኣፍሊጠዮም ኣሎኹ
ኸፍልጦምውን እየ።